# ብዛዕባ ክታበት ኮቪድ-19 ክትፈልጦም ዘግብኣካ

26 ጥሪ 2021

ክታበት ኮቪድ-19 ቀስ-ብቐስ ንኩሎም እኹላት ነበርቲ ካናዳ ክወሃቡ ኢዮም። እዚ ብዶክተራት ዝተረጋገጸ ኣገዳሲ ሓበሬታ ዝሓዘ ጽሑፍ ቀዳማይ ካብቶም ተኸታተልቲ ጽሑፋት ኮይኑ፡ መረዳእታ ዘለዎ ምርጫ ንኽትገብር ብዛዕባ እዚ ክታበት ቅኑዕን ዝተነጸረን ሕክምናዊ ሓበሬታ ንክህበካ ዝተወጠነ ኢዩ።

## ኣገደስቲ መልእኽታት:

- እዚ ናይ ኮቪድ-19 ክታበት ፡ ኮቪድ-19 ንኸይሕዘካ ኣብ ምክልኻል ዝሕግዝ ኢዩ። ክልተ ዓቐናት ከኣ የድልዩ።
- እዞም ናይ ኮቪድ-19 ክታበታት  ብሰፊሕ ኣብ ዝተፈላለዩ ሰባት ክጽንዑ ዝጸንሑን ድሕንነት ዘለዎምን ውጺኢታውያን ምዃኖምን ከኣ ይእመን።

## ስለምንታይ ክታበት ኮቪድ-19 ንኽተብ ፧

- ንሓያሎ ዓመታት ኣብ መላእ ዓለም ፡ ህዝብታት ካብ ቀዘፍቲ ተላኸፍቲ ሕማማት ከም ንፍዮ፡ቴታኖስን ፖልዮን ዝኣመሰሉንምክልኻል ክታበታት ክጥቀሙ ጸኒሖም።
- እዚ ክታበት ኮቪድ-19፡ ብኮቪድ-19 ንኸይትልከፍ ዝከላኸልን ናይ ኩላትና ሂወት ናብ ንቡር ንኽምለስን እቲ ኣዝዩ ውጽኢታዊ መንገዲ ኢዩ።
- እዚ ክታበት ኮቪድ-19፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ማስኬራ ምግባር፡ ምሕጻብ ኢድን ካብ ሓድሕድ 2 ሜትሮ ምፍንታትን ኣብ ስድራ-ቤታትን ኮምን እቲ ቫይረስ ንከይስፋሕፍሕ  ዝገትእ ኣገዳሲ ክፋል ኢዩ።

## እዚ ክታበት ብከመይ ኢዩ ዝሰርሕ ፧

- ክታበታት ካብ ሕማማት ኣየሕውዩን ኢዮም፡ ብኣውርኡ ብሕማማት ከይትልከፍ እዮም ዝሕግዙ።
- ክታበት ኮቪድ-19 ንነብስኻ ቫይረስ ኮቪድ-19 እንታይ ከም ዝመስል የፋልጦ እሞ በዚ ኸኣ ነብስኻ በቲ ቫይረስ ምስ ዝልከፍ ይቃለሶ።
- እቲ ክታበት ኮቪድ-19 ንነብስኻ ከምቲ ኣብ ልዕሊ ኮሮና ቫይረስ ዘሎ ዝመስል ስፓይክ ፕሮቲን ንኽሰርሕ ብ ኤም ኣር ኤን ኤ mRNA( messenger RNA)  ኣቢሉ መምርሒ ብምሃብ ኢዩ ዘተግብር። እዞም ፕሮቲናት ሕማም ኣየስዕቡን ኢዮም። ካብ'ዚ ሰዒቡ ናይ ነብስኻ ስርዓት ተጻዋርነት ኣብ መጻኢ እቲ ሓቀኛ ቫይረስ ኣብ ነብስኻ ምስ ዝኣቱ ነቲ ረኽሲ ንምቅላስ ጸረ ነፍሳት ይሰርሕ።

## ክሳብ ክንደይ ኢዮም ክታበታት ውጽኢታውያን ፧

- ዛጊት ኣብ ካናዳ ክልተ ክታበታት ኢዮም ክወሃቡ ጸኒሖም ንሳቶም ከኣ፦ እቲ ቀዳማይ ፒፋይዘር/ ባዮ ኤን ቴክ( Pfizer/ BioNTech) ክኸውን ከሎ እቲ ካልኣይ ከኣ ብሞደርና ( Moderna) ኢዩ።
- እዞም ክታበታት ክልተ ዓቐን ድሕሪ ምውሳድ ንኮቪድ-19 ኣብ ምክልኻል ኣዝዮም ውጽኢታውያን ምዃኖም ይእመነሎም። ኣብ ሰፊሕ ናይ ስነ-ፍልጠታዊ ምርምር 95% ውጽኢታውያን  ኮይኖም ተረኺቦም።



### ጎናዊ ሳዕቤናት ናይ'ዞም ክታበታት እንታይ ኢዮም ፧

ናይ ኮቪድ-19 ክታበታት ንሓደጋ ዘቃልዑ ዘይምዃኖም ይእመነሎም። ብሓፈሻኡ ኣብ’ቲ ሰፊሕ ስነ-ፍልጠታዊ መጽናዕቲ ዝተገብረ ትዕዝብቲ ጎናዊ ሳዕቤን ናይ'ዞም ክታበት ከምቶም ኣብ ካልኦት ክታበታት ዘጋጥሙ ተመኩሮታት ተመሳሰልቲ ኢዮም። ነገራት ከም ኣብ ዝተወጋእካሉ ቦታ ቃንዛ መንኩብ/ቅልጽም፡ ኣካላውን ናይ ቅልጽምን ቃንዛ፡ ቁሪ-ቁሪ፡ ናይ ድኻምን ረስንን ስምዒት ከኣ የጠቓልሉ። እዚኦም ልሙዳት ጎናዊ ሳዕቤን ናይ ክታበት ኮይኖም ናይ ጥዕና ሓደጋ ከኣ ኣየምጽኡን ኢዮም። እዚ እንተጋጢሙ ከኣ ኣብ ውሽጢ ሓደ መዓልቲ ወይ ልዕሊኡ ዝፍታሕ ኢዩ። እዞም ምልክታት፡ ድሕሪ ክልተ ዓቐን ናይ'ዞም ክታበታት  ምውሳድ ክኸሰቱ ይኽእሉ።

ከም ኣብ ኩሎም ክታበታት፡ ኣዝዩ መጠነ ንኡስ ዕደል ከቢድ ጎናዊ ሳዕቤን፡ ከም ናይ ቁጥዐ ስምዒት(ኣለርጂ) ክህሉ ይኽእል። በዚ ምኽንያት እዚ ኢዩ ኸኣ ኣብ’ቲ ክታበት ዝወሃበሉ ቦታ ( ክልኒክ ወይ ኣብ ቤት ጽሕፈት ዶክተርካ) ን 15 ክሳብ 30 ደቒቕ ድሕሪ ክታበት ምውሳድካ ብኣባላት ሕክምና እንዳተኣለኻ ክትጸንሕ ትሕተት።

## ካብ’ቲ ክታበት መልከፍቲ ኮቪድ-19 ኣየጋጥመካን ኢዩ።

### ተወሳኺ ፍልጠት ኣበይ ክረክብ ይኽእል፧

ጥዕና ካናዳ፡  ነቲ ህልው ሕክምናዊ መርትዖ ብጥንቃቐ ደጊሙ ከሊሰዎን ጉልሕ ንጥዕና ዘሻቕል ጉዳይ ኣይረኸበሉን። ናይ ጥዕና ካናዳ ጽሟቕ ሓበሬታ   ብዛዕባ ክታበታት ፒፋይዘር ባዮ ኤን ቴክን ሞደርናን ብቋንቋታት ኣንግሊዚናን ፈረንሳይንናን ኣብ'ዞም ዝስዕቡ ድሕረ-ገጻት ሰፊሩ ይርከብ፦

https://www.canada.ca/en/health-canada/services/drugs-health-products/covid19-industry/drugs-vaccines-treatments/vaccines/pfizer-biontech.html

https://www.canada.ca/en/health-canada/services/drugs-health-products/covid19-industry/drugs-vaccines-treatments/vaccines/moderna.html

The information in this bulletin has been validated by Canadian doctors: Meb Rashid MD, Assistant Professor, University of Toronto, Vanessa Redditt, MD, Lecturer, University of Toronto and Isaac I. Bogoch, MD, Associate Professor, University of Toronto